## 1. ጽማቕ ትሕዝቶ

ንስደተኛታት ኣብ ዝኸውን መዕቆቢ ዘሎ ኩነታት ብህጹጽ ከም ዝመሓየሽ ክግበር ኣለዎ። ብዛዕባ ሕቶ ዑቕባ ውሳኔ ንምሃብ ዘሎ ናይ ምጽባይ ግዜ ቀጻሊ እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ፣ ከምኡ እውን ካብ ስደተኛታት እቶም ፍርቂ ኣብዚ እዋን እዚ ግቡእ መሳለጥያታት ኣብ ዝጎደሎን፣ ኣብ ሕብረተሰብ ናይ ምስታፍ ዕድላት ድሩት ኣብ ዝኾነሉን ህጹጽ መዕቆቢ ቦታታት ይነብሩ ኣለዉ። ንብዙሓት ሰባት ህይወት ዳርጋ ንኽልተ ዓመት ደው ኢሉ ይርከብ። 'ሕጊ ምምቕራሕ' ነዚ ኩነታት ንምምሕያሽ ዕድላት ዝህብ እዩ። ምምሕዳራት ከተማ ብመንገዲ እዚ ሕጊ፣ ስደተኛታት ዝያዳ ሰላም ዝረኽብሉን ህይወቶም ከመሓድሩሉ ዝኽእልሉን፣ ከምኡ እውን ብቐጥታ ኣብ ከባቢኦም ክሳተፉ ዝኽእልሉን መዋቕራዊ መዕቆቢ ክውድባ ይኽእላ እየን።

ነዚ ንምግባር እንታይ ከም ዘድልይ ኣነጺርካ ንምልላይ ድማ ቤት-ምኽሪ ስደተኛታት [VluchtelingenWerk]፣ ስደተኛታት ግቡእ መዕቆቢ ንኽህሉው እንታይ እዩ ኣገዳሲ ኢሎም ከም ዝሓስቡ ብዝምልከት መጽናዕቲ ኣካይዱ። ስለዚ ብመንገዲ ናይ ኣተኩሮ ጉጅለን ቃለ-መሕትታትን ምስ 92 ስደተኛታት ዝርርባት ኣካይድና፣ ብተወሳኺ ድማ ብመንገዲ ብኢንተርነት ዝተገብረ ዳህሳስ- ርእይቶ ካብ ካልኦት 696 ስደተኛታት መልሲ ረኺብና።

ሓደ መዕቆቢ ጽቡቕ ንክኸውን፣ ብሕትናን ባዕልኻ ክትክሸን ምኽኣልን ኣገዳሲ ምዃኑ ካብቲ ዝተገብረ መጽናዕቲ ተጋሂዱ፣ ይኹን እምበር ስደተኛታት ከም ዝስምዑ፣ ደገፍ ከም ዝረኽቡን፣ ኣብ ገዝኦም ከም ዘለዉን ኮይኑ ከም ዝስምዖም ዝገብር ሃዋሁው ምህላው እውን ኣገዳሲ እዩ።
ስለዚ ውሑስ ቦታን፣ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ድማ ስደተኛታት ንኽምዕብሉን ኣብ ሕብረተሰብ ንኽሳተፉን ዕድላት ዝህብ ቦታ ማለት እዩ።
እዚ ድማ ኣቃውማ መዕቆቢ ብዝምልከት፣ ሰባት ደኣ እምበር መሰርሕ ዑቕባ ሕመረት ዘይኮነሉን፣ ከምኡ እውን ኣብቲ ከባቢ ካብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ጀሚሮም ብንጥፈት ዝሳተፍሉን ዝተፈለየ ኣተሓሕዛ ዝሓትት እዩ። እቶም ዝተጋህዱ ቀንዲ ድሌታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

**1. ስደተኛታት መዕቆቢኦም ንገዛእ-ርእሶም ቦታ ክረኽብሉን ክኽሸንሉን ናብ ዝኽእልሉ (ግዝያዊ) ገዝኦም ክቕይርዎ ክኽእሉ ኣለዎም**

ስደተኛታት ብፍላይ ኣብ መዕቆቢ ቦታታት ንነዊሕ እዋን ኣብ ዝጸንሑሉ እዋን ከም ገዛኻ ኮይኑ ዝስምዓካ ቦታ ምርካብ ኣገዳሲ ምዃኑ ይጸቕጥሉ። ሰላም ዝረኽብሉ እኹል ብሕትና ዘለዎ ናይ ገዛእ-ርእሶም ቦታ የድልዮም እዩ። ስድራ-ቤታት እውን፣ ቆልዑት ንኣብነት ዕዮ-ገዛ ንምስራሕ ብህድኣት ክነጥፉ ዝኽእልሉ ዝተፈልዩ መደቀሲ ቦታታት፣ ከምኡ እውን ንደቂ-ኣንስትዮን ቆልዑትን ዝኸውን (መጻወቲ) ቦታታት ክህሉው ኣገዳሲ ምዃኑ ይጠቕሱ። እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ባዕልኻ ክትኽሸን ምኽኣል እዩ። እዚ ድማ ስደተኛታት ኣብ ልዕሊ ናይ ገዛእ-ርእሶም ህይወት ቁጽጽር ከም ዝህልዎም ይገብር፣ ከምኡ እውን መዓስን እንታይን ከም ዝምገቡ ናይ ምውሳን ናጽነት ይህቦም። *'ኣብዚ ካብ ዝነብር ዓመትን ፈረቓን ገይረ ኣለኹ። ኣብዚ ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ክጸንሕ ከም ዘለኒ ኣይፈልጥን እየ። እዚ ከም ገዛና ክንርእዮ እዩ ዝግባእ፣ ኮይኑ ግን ከምኡ ኣይኮነን ዝስምዓና። ኣብ ገዛ ንገዛእ-ርእስኻ መግቢ ክትክሸን እትኽእለሉን፣ ኣብ ትምህርትን ስራሕን እትጽመደሉን ውሑስ ቦታ ክህልወካ ኢኻ ትደልይ። ብኸምዚ መንገዲ ድማ ኣብ ገዛኻ ዘለኻ ኮይኑ ክስምዓካ ይኽእል (የመናዊ ስደተኛ፣ ኣምስተርዳም)።'*

**2. ስደተኛታት ባዕላቶም ነጻ ኮይኖም መዓልትታቶም ብመደባት ወጢኖም ክሕልፉን፣ ንመጻኢኦም ብዝምልከት ክዳለዉን ምእንቲ ክኽእሉ፣ ኣብ ጥቓ መሳለጥያታት ኣብ ዝርከብ መዕቆቢ ቀዋሚ ቦታ ክህልዎም ኣገዳሲ እዩ**

ኣብ እዋን ምዕቋብ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝግበር ብዙሕ ዝውውራት፣ ኣብቲ ከባቢ ርክብ ንምምስራትን ንምስታፍን ኣጸጋሚ ከም ዝኸውን ዝገብር እዩ። ብተወሳኺ ብዙሓት መዕቆቢ ቦታታት ኣብ ርሑቕ ቦታታት ዝርከቡ ስለዝኾኑ፣ ብሰንኩ ስደተኛታት ባዕላቶም ንጥፈታት ንኽካይዱን፣ ጉዳያቶም ንኽመሓድሩን ኣጸጋሚ እዩ። ስደተኛታት ድሮ ኣቀዲሞም ንመጻኢኦም ምእንቲ ክዳለዉ፣ ብቐጥታ ኣብ (ጥቓ) እቲ ድሒሮም ዝሰፍሩሉ ምምሕዳር ከተማ ከም ዝዕቖቡ ምግባር ተመራጺ እዩ። *'ኣነ ንኣመርስፎርት እየ ለሚደዮ ነይረ፣ ናብ ላይደን ምስ መጻእኩ ድማ ዋላ ሓደ ዝፈልጦ ሰብ ኣይነበረንን። ሕጂ ቀጺለ ንኹሎም እቶም ዝተላለኽዎም ሰባት ክፋነዎምን፣ ከምኡ እውን ኣብ ዶርድረኽት እንደገና ከም ብሓድሽ ክጅምርን ኣለኒ። (ሶርያዊ ስደተኛ፣ ላይደን)'*

**3. ኣብ ጥቓ ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከቡ ስድራ-ቤት መዕቆቢ ምሃብ ንስደተኛታት ናይ ቤትን ውሕስነትን ስምዒት የቕርብ**

እቶም ድሮ ኣብ ኔዘርላንድ ዝነብሩ ኣባላት ስድራ-ቤት ምስ ሕብረተሰብ ዘራኽብ ኣገዳሲ ድልድል ከም ዝፈጥሩ ስደተኛታት ይዛረቡ፣ ብፍላይ ገና ነቲ ቋንቋ ዘይዛረቡን ተቓላዕቲን እንተድኣ ኮይኖም። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ምደባ ነዚ ብዙሕ ግምት ኣይወሃቦን እዩ ዘሎ፣ እዚ ማለት ድማ ስደተኛታት ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ኣባላት ስድራ-ቤቶም ኣዝዩ ርሒቕ ኣብ ዝርከብ መዕቆቢ ከም ዝጸንሑን፣ ከምኡ እውን ጽምዋን ተነጽሎን ከም ዝስምዖምን ዝገብር እዩ። *'ኣነ ንጽል ሓደ እየ። ብቋንቋ ኔዘርላንድ ክረዳዳእ ኣይክእልን እየ፣ ስድራይ ግን ብዛዕባ እዚ ክሕግዙኒ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከባቢኦም ምህላው ድማ ንዓይ ውሑስ ስምዒት ዝፈጥር እዩ። ብፍላይ ሓወይ፣ ቋንቋ ኔዘርላንድ ኣዝዩ ጽቡቕ ስለ ዝዛረብ። ኣብዚ ዘሎ ኣሰራርሓ ከመይ ምዃኑ ብዝምልከት ድማ ብዙሕ ሕቶታት ይሓቶ እየ። (ሶማላዊት ስደተኛ፣ ኺልዘ)።'*

**4. መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ኣብ ዘይውሑስ ከባቢ ዝርከቡ ስድራ-ቤት ሻቕሎታት ዝተሓወሶ፣ ንነዊሕ እዋን ኣብ ዘይርጉጽ ኩነታት ምጽናሕ፣ ንተሞኩሮ ኣብ መዕቆቢ ናይ ዝርከቡ ስደተኛታት ዝገልጽ እዩ።**

ብዛዕባ ውጽኢት ናይ መስርሕ ዑቕባ ዘይርጉጽነት ዝመልኦ ነዊሕ ምጽባይን፣ ትጽቢት ዘይተገብረሉ ምንዋሕ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜን፣ ኣብ ስደተኛታት ጸቕጥን ናይ ተስፋ ምቝራጽ ስምዒትን ዝፈጥር እዩ። ብሰንኪ ምጽባይ ድማ ዘለዎም ድርኺት ከም ዝስእኑ ይዛረቡ። ንጹርነት ዘይምህላዉን፣ ሕቶታት ዑቕባ ኣብ ምምስራሕ ዘይርትዓዊ ኮይኑ ዝምኮርዎ ሓላፍ-ዘላፍ ቅደም ተኸተል ግዜን ንገለ ሰባት ዝተረስዑ ኮይኑ ከም ዝስምዖም ዝገብር እዩ። ካብቶም መብዛሕትኡ ግዜ ገና ኣብ ዘይውሑስ ቦታ ዝነብሩ ኣባላት ስድራ-ቤት ንነዊሕ እዋን ምፍልላይ ድማ ነቲ ኩነታት ዝያዳ ከቢድ ይገብሮ። *'ኣብዚ ካብ እንጽበይ ድሮ ዓሰርተ ሸሞንተ ኣዋርሕ ገይርና ኣለና። እዚ ኣዝዩ ነዊሕ እዩ፣ ንጥዕና ኣእምሮ ድማ ሕማቕን እዩ። ኣብዚ ኩሉ ሰብ ደኺሙ እዩ ዝርከብ። ካብ ገጾም ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ። በቃ ዝተረፈና የለን። ደጊም ከምቲ ኣብ መጀመርታ ዝነበረና ጸዓት የብልናን። ብጋዶ ክትሓልፎ ምፍታን እዩ። (ቱርካዊ ስደተኛ፣ ኣምስተርዳም)።'*

**5. ስደተኛታት ምስ ሰራሕተኛታት ዝገብርዎ ውልቃዊ ርክብ ክብሪ ይህብዎ እዮም። ሰማዒ እዝኒ ናይ ምርካብ ድልየት ኣሎ፥ ዋላ ቅጽበታዊ መፍትሒ ዘይርከብ እውን እንተኾነ ታሪኾም ክነግርዎ ዝኽእሉ ሰብ**

ኣብ ገሊኦም ቦታታት ምስ ሰራሕተኛታት ዝግበር ርክብ ኣጸጋሚ ብሰንኪ ምዃኑ፣ ስደተኛታት፥ ሕግታት ገዛ ንውልቃዊ ኩነታት ኣብ ግምት ብዘየእቱው ኣገባብ ብጥብቂ ኣብ ተግባር ዝውዕል ኮይኑ ረኺቦሞ። ስደተኛታት ሰማዒ እዝነን፣ ንውልቃዊ ኩነታቶም ኣብ ግምት ዘእትዉ ሰራሕተኛታትን ንክረኽቡ ድልየት ኣለዎም። *'COA ክቐርበና ደስ ምበለኒ። ነፍስወከፍ ኣብዚ ማእከል መዕቆቢ ስደተኛታት ዝርከብ ሰብ እንታይ የድልዮ፣ ከመይ ኣለና? (ሶርያዊ ስደተኛ፣ ሃርደርቫይክ)።'* ኣብ

መጠነ-ንኡስ መዕቆቢ ቦታታት ምስ ኣመሓደርቲ ቦታታት ዝያዳ ውልቃዊን ብቀሊሉ ክግበር ዝከኣልን ርክብ ኣሎ፣ እዚ ድማ ነቲ ምቕማጥ ብኣወንታ ዝጸሉው እዩ። ካብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ቋንቋ ዝመጽኡ ሰባት፣ ዝወሃብ ምርሒት ብቐንዱ ንኣብዝሓ ማለት ካብ ዓበይቲ ጉጅለታት ንዝመጽኡ ሰባት ዘተኩር ኣብ ዝኾነሉ እዋን ሓደ ሓደ ግዜ ዕሽሽ ዝተባህሉ ኮይኑ ይስምዖም እዩ። *'ኣመሓደርቲ ቦታና ምሳና ብሓቂ ጽቡቕ ርክብ ኣለዎም። ክርድኡና ይፍትኑ እዮም፥ ካበይ ከም ዝመጻእናን እንታይ ከም ዘጋጠመናን። ርሕራሓ የርእዩ፣ ከምኡ እውን ኣብዚ ብዛዕባ ዘሎ ህይወት ገለ ነገራት ክምህሩና ይጽዕሩ (ኣፍጋኒስታናዊ ስደተኛ፣ ኾይርለ)።'*

**6. ስደተኛታት ኣብ መዕቆቢ ዘሕልፍዎ ግዜ ብግቡእ ክጥቀምሉን፣ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፎም ኣብ ሕብረተሰብ ክሳተፉን ይደልዩ። እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ፣ ሞያዊ ትምህርቲ ቋንቋን ስራሕ ንምርካብ ምሕጋዝን እዩ።**

ስደተኛታት፣ ቀልጢፎም ክሳተፉ ምእንቲ ክኽእሉ ቋንቋ ኔዘርላንድ ኣገዳሲ ኮይኑ ይረኽብዎ፣ ኮይኑ ግን ትምህርቲ ቋንቋ ናይ ምርካብ ዕድል መብዛሕትኡ ግዜ ድሩት እዩ፣ ከምኡ እውን ነዊሕ ዝርዝር ተጸበይቲ ኣሎ። ብተወሳኺ ስደተኛታት ቀልጢፎም ስራሕ ክረኽቡ ይደልዩ እዮም፣ እንተኾነ ግን ከም ስእነት BSN ዝኣመሰሉ ዕንቅፋታት የጋጥሞም፣ ከምኡ እውን ምስ ድሕረ ባይታኦም ዝሰማማዕ ስራሕ ንምርካብ ኣጸጋሚ እዩ። ኣብዚ መጽናዕቲ ካብ ዝተሳተፉ ንስራሕ ብቑዓት ዝኾኑ ስደተኛታት 15% ጥራሕ እዮም ደሞዝ ዝኸፈሎ ስራሕ ዘለዎም። *'ህይወት ብዘይ ስራሕ ቀጨውጨው እዩ። ንቡር ኮይኑ ክስምዓኒ እየ ዝደልይ፣ በቃ ከም ሰብ። ነዚ ዝስምዒት ድማ ካብ ስራሕ ምረኸብክዎ ነይረ (ኢራናዊ ስደተኛ፣ ሃርደርቫይክ)።'*

**7. ኩነታት ናይቶም ዳርጋ ሕጂ 18 ዓመት ዝመልኡ መንእሰያት ስደተኛታት ተወሳኺ ቆላሕታ ዝሓትት እዩ።**

እቶም ዳርጋ ሕጂ 18 ዓመት ዝመልኡ መንእሰያት ኣብ መዕቆቢ ኣብ መንቀራቕሮ እዮም ዘወድቑ፥ ደጊም ንቆልዑት ዝኸውን ትምህርትን ንጥፈታትን ክረኽቡ መሰል የብሎምን፣ ግን ድማ ከም ዓይኒ ሓቂ ገና ቆልዑት ስለዝኾኑ ክምዕብሉ ይደልዩ እዮም። ትምርህቲ ንምቕጻል ዝኸውን ተኽእሎታት ገና የለን። *'ኣብኡ ምሉእ መዓልቲ ኮፍ ጥራይ እዩ ዝብል። ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይክእልን እዩ፣ ኣይፍቀደሉን ድማ እዩ። ወዲ 22 ዓመት መንእሰይ ጸገማቱ ክገጥሞም ይደልይ ኣሎ። ኣመሓደርቲ ቦታ ነዞም ቃልቃል ዝብል ጸዓት ዘለዎም መንእሰያት ስራሕ ከም ዝጅምሩ ክገብሩ ኣለዎም (ሶርያዊ ስደተኛ፣ ኺልዘ)።'*